# ኣቡነ ሉቃስ ዝወልዕዎ ሓዊ ንቅድስቲ

# ማርያም ቤተ ክርስቲያን ኮለበስ ኦሃዮ ክልብልባ ጀሚሩ

ብዙሕ ሰብ ከምዝፈልጦ እቲ **ብሕዳር 18-19, 2016** ብካድረታት ህግደፍ ዝኾኑ ኣቡነ ሉቃሰን ብኣቶ ግርማይ (ዲያቆን-ነበር) ዝተጋበኤ ኣኼባ ናይ ሰሜን ኣሜሪካን ካናዳን ሃገረ ሰብከት ከመይ ከምዝነብረ ኣብ ኣሰና ዳት ኮም ይኹን ኣብ ካልእ ናይ ብዙሓን መራኸቢ ተገልጺ ከምዝነብረ ዝዝከር እዩ። ብተወሳኺ እቲ ኣኼባ ፍሹል ከምዝነብረ ካብቶም ኣብኡ ዝነብሩ ኣኼበኛታት ኣብ እዋኑ ተሓቢሩ ከምዝነበረ'ዉን እንዝክሮ ጉዳይ አዩ፡ እቲ ቀንዲ ዕላማ እቲ ኣኼባ ከኣ ካብ ሰሜን ኣሜሪካን ካናዳን ዝርከባ ቤተ ክርስቲያናት ካብ ዓመታዊ እቶተን 15%(ዓሰርተ ሓሙሽተ ሚእታዊት) ብሃገረ ሰብከት ጌርካ ገንዘብ ኣብ ኣስመራ ቤት ጽሕፈት ፓትሪያክ ንዘሎ ካዝና ህግደፍ ብትእዛዝን ምፍርህራህ ገንዘብ ንምድላብ አዩ። እቲ ካልእ ዓቢ ፕሮጀክት ኢሎም ዝቕረብዎ ከኣ መሬት ብሹድሽተ(6) ሚልዮን ኣብ እዮሩሳሌም ስለትረኸበ ጎስጓስ ገርኩም ሓገዝ ግበሩ ዝብለ ክኸዉን ከሎ ብተወሳኺ ከኣ ኣብ ዝቕልጠፈ መዓልቲ ናይ መንፈሳዊ ኮሌጅ(Theology College) መህነጺ ኣብ ኣስመራ ዝኸዉን ብዘይ ወዓል ሕደር ገንዘብ ክዉፈ ከምዘለዎ ንምሕባር እዩ ነይሩ። ብሓጺሩ እቲ ቀንዲ ዕላም አቲ ኣኼባ በዚ ኢልካ በቲ ገንዘብ ንምዝራፍ አዩ።

እቶም ቀዲ እቲ ኣኼባ መደርቲ ዝነብሩ ኣቡነ ሉቃስ፣ ኣባ መልከ-ጻድቕ፣ ኣቶ ግርማይ አዮም ነይሮም። ኣቡነ ሉቃስ ኣብ ዘረበኦም ብምፍርርራህ ዘድሃብዎ በዛዕባ ቀሺ ብዘይ ምርጫ ኣቦ ወንበር ምግባር ኣብ ዝብል ኮይኑ ናይ ሓሶት ሓብሬታ ብዛዕባ ካልኦት ኦሬንታል ቤተ ክርስቲያናት ኣካይዳ ብምሃብ ድፍኢት በዘን ቤተ ክርስቲያናት ከምዘሎን ከምእዉን ከይንጽላና ብዝብለ ምፍርራህ አዮም ነቶም ወከልቲ ቤተ ክርስቲያናት ክቕበልዎ ከምዘለዎም ከእምንዎም ፈተና ዝገበርዎ። እንተኾነ ግና ኩሉ ሰብ አቲ ዝቕረብዎ ዕባራ ምኽንያት እይተቐበሎን ። ንመንታይ ቀሺ ኣቦ መንበር ሰብኻ ጉባኤ ከኸዉን ኣቡነ ሉቃስ ኣብዚ'ዋንዚ ደልዮም? ንመንታይ ንዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት ከምኡ ዘይተገብረ ንዝብለ ሕቶ አቲ መልሲ ቀሊል እዩ። ነቲ ቀሺ ክህንነትካ ከንሕዞ ኢና ከም'ዉን ታቦት ቤተክርስቲያን ከምንጠለካ አና አንዳበሉ ብምፍርራህ ዝደለይዎ ነገር ክገብሩ ከምዝኽእሉ ስለዘፈለጡ እዩ። ኣቡነ ሉቃስ ኣይተሓዘሎምን እዩ ምኽንያቱ ህግደፍ ከምኡ ግበሩ ኢሉ እዩ ልኢኹዎም። መራሕ ሃይማኖት ተባሂልካ ዶ ልኡኽ ናይ ፉንፉን ሰርዓት ተኸዉን ኢኻ? ዝገብርዮ ዘለዉ ርኢኻ ምሕረት የውረደሎም ነዘም ኣቦ አዩ ዘብል።

ብተመሳሳሊ መገዲ ኣቶ ግርማይ (ካድረ ህግደፍ) ቀንዲ ዝድሃብሉ ብዛዕባ 15% (ዓስርተ ሓሙሽተ ሚእታዊት) ቤተ ክስቲያናት ካብ ዓመታዊ እቶተን ንመታይ ክህባ ከምዘለወን ኣብ ዝብለ አዩ ኣድሂቡ። ኣብ ዘረብኡ እዚ 15% (ዓስርተ ሓሙሽተ ሚእታዊት) ዝብሃል ዘሎ ንሃገረ ስብከት መካይዲ (ደመወዝ ዝወስድ ጳጳስ ዘይብሉ ሃገረ ስብከት) ከምዝኾነ ይገልጽ፣ ጽንሕ ኢሉ ከኣ እዚ ዝብሃል ዘሎ ገንዘብ ብግቡእ ክኸፈል ምእንተን ነፍሲ ወከፍ ቤተ ክርስቲያን ብኦዲተር ምቁጽጻር ከም ዝግበረልርን ይሕብር፣ ኣብ መወዳእታ ሞሊቑዎ ይመስል ጥራይ እቲ ገንዘብ ኣብ ሃገረ ሰብከት ይተኣከብ  እምበር ንዘለና ፕሮጀክትታት ምስ ሓለፍቲ ሃገረ ሰብከት (ምስ ቀሺ ምኪኤል፣ ኣቶ ቴድሮስ ብርሃነ፣ ኣቶ ኢሳያስ) ብምልዛብ ከንጥቀመሉ ኢና ይብል። ብኻልእ ኣዘራርባ ጥራይ እቲ ገንዘብ ኣክብዎ እምበር ከመይ ጌርና ናብ ኤርትራ ብሽፋን ናይ ሓሶት ፕሮጀክትታን ከምነእትዎ ናባና ገደፍዎ እዩ ዘረብኡ ዝስምዕ። ብሓጺሩ ዕድመ ንህግደፍ ዘይሕጋዊ መገዲ ጌራካ ካብ ወጻኢ ገንዘብ ከመይ ንዓዲ ከምዝኣትው ብበዓል ጀነራል ስምኦን (ናይ ሃይማኖት ጉዳይ) ተምህርቲ ወሲደ አየ'ሞ ናባይ ግደፍዎ ማልቱ'ዩ። እቲ ሓሶት ዝመልኦ ትንታነ ናይ እቶ ግርማይ ልክዕ ከም ናይ ኣቡነ ሉቃስ ደስ ከም ዘይበሎም እቶም ልኡኻት ደሕሪ አቲ ኣኼባ ሓብሩም አዩም።

እቲ ኣኼባ ከምዚ ልዕል'ሉ ተገሊጹ ዘሎ ብዘይ ሓደ ዉሳኔ'ዩ ተበቲኑ። ይኹን'በር ኣቡነ ሉቃሰን ኣቶ ግርማይን ዝወጽእዎ ሕንጻጽ ብዘለዎም ስልጣንን ምፍርራሕ ወሲኾም ኣብ ሓንቲ ቤተ ክርስቲያን ኣገዲዶም ናይ ሰበኻ ጉባኤ ምርጫ ብምክያድ ቀሺ ኣቦ ወንበር እንተገይሮም እተን ካልኦት ቤተ ክርስቲያናት ኣሰር ክኽተላ እየን ዝብል መገዲ'ዩ ነይሩ። እታ ዝተመረጸት ቤተ ክርስቲያን ኣብ **ኮሎምበስ ኦሃዮ** (Clumbus Ohio) ትርከብ ናይ **ቅድስቲ ማሪያም** ክትከዉን ከላ እቲ ዝመረጽዎ ዕለት ከኣ **ሕዳር 27, 2016** (ኣብ ሰሙኑ አቲ ጉባኤ) ነብረት። ንመንታይ አዛ ቤተ ክርስቲያን ካብ ካልኦት ተመሪጻ ንዝብለ ሕቶ ሰባት ዝተፈላልየ ምኽንያት ክህቡ ይኽእሉ አዮም። እቲ ቀንዲ ምኽንያት እቶም ኣባላት ቤተ  ክርስቲያን ዝገልጽዎ ከለዉ፡ (i) እቲ ቤተ ክርስቲያን ዕሉል ኣባል ህግደፍ ዝኾነ ቀሺ ርእሶም ዝተበሃል ስልዘለዋ ምስ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ክሕግዞም ከምዝኾነ ስለዝፈለጡ (ii) ከም መሳርሒ ክጥቀሙሉ ኣቡነ ሺኖዳ ዲያቆንነትን ክህነትን (ብኽእለተን ስነ-ምግባርን ዘይግብኦ ከሎ) ዝሃብዎ  ቀሺ ተኽለብርሃን ዝተበሃለ ካብቶም ቀንዲ ልኡኽ ኣቡነ ሉቃስ ስለዝኾነ  (iii) እዚ ዘሎ ሰበኻ ጉባኤ ኣባላት ገሊኦም  ደግፍተን ገሊኦም ከኣ ተደናገጽትን ህግደፍ ስለ ዝኾኑ በዓል ኣቡነ ሉቃስ ከንዕወት ንኽእል ኢና ዝብል ግምት ነይርዎም ክኸዉን ይኽእል አዩ ።  ብዝኾነ ኣብዛ ዕለት'ዚኣ ብዘይ ሰላምታ ኣቡነ ሉቃስ ነተ ኣኼባ ከምዚ ብምባል እዮ ከፊቶሞ “ሎማዓልቲ ብዙሕ ግዜ የብልናን ከምእዉን ኣይሮፕላን ንዲሲ ከይትገድፈና ብቕጥታ ናብ ምርጫ ሰበኻ ጉባኤ ክንኣቱ ኢና ቀሺ ርእሶም ከኣ በዘይ ምርጫ ኣቦ ወንበር ነታ ትምረጽ ሰበኻ ጉባኤ አዩ

ይብሉ”። ዘረብኦም ምስ ወድኡ ኣብ ሞንጎ አቶም ነዚ ትብልዎ ዘለኹም ዘረባ ኣይንቕበሎን ኢናን ዝብሉን ኣይፋለን ተእዛዝ ስለዝኾነ ከንቅበሎ ኣሎና ዝብሉ ብቀሺ ርእሶምን ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ኮሎምቡስ ተሰሪዖም ዝመጹ ምእመናን ዓውዓውታ ይጅመር። ሕጅ’ዊን ኣቡነ ሉቃስ ከፈራርሁ ይጅምሩ ይኹን’በር ዝሰምዖም ሰብ ኣይነብረን። እቲ ምርጫ ይገበር-ኣይገበር ኣብ ዝብል ክትዕ ንሰዓታት ምስ ወሰደ ኩነታት ናብ ኢድ-ብኢድ ዝኸደ ባእሲ ይጅመር። ኣቡነ ሉቃስ ናይቲ ሰብ ባእሲ ምስ ራኣዩ ይበኽዩ (ናይ ሓርገጽ ንብዓት) ገና ጽንሕ ኢሎም ነቶም ምርጫ ክግበር የብሉን ዝበሉ ዝነብሩ ምእመናን ደገ ዉጹ’ሞ ተማኺርኩም ተመልሱ ዝብል ሓሳብ የቕርቡ። እቶም ሰባት ከምተበሃልዎ ደገ ወጺኦም ምስተመለሱ ሕጂ’ዉን ኣቡነ ሉቃስ አንታይ መኺርኩም ከይበሉ ንስኻቱም ፈልጥናኩም ኣሎና ጸረ-ማሪያን ብቀሺ ገብረሚካኤል ዝምራሕ ተሃድሶ ኣተሓሳስባ ስለዘለኩም ንመንታይ አዚ ቤተ ከርስቲያን ገዲፍኩሞ ናብ ካልእ ቦታ ጽርግፍ ዘይትብሉ ዝብል ዘረባ የስምዑ። እቶም ምእመናን ከምዚ ብምባል ንኣቡነ ሉቃስ መልሲ ይህቡ “እዚ ቤተ ከርስቲያን ብገንዝብናን ጉልበታትን ዘጥረናዮ ስለዝኾነ ንስኹም ኢኹም ካብ ቤተ ከርስቲያን ከትወጹ ዘለኩም” ዝብል መልሲ ይህቡ’ሞ። በዚ ምኽንያት ዕገርግር ይለዓል። አቲ ኣኼባ ኸኣ ብዘይ ሓደ ቁም ነገር ይብተን። አቲ ቀንዲ ዘሕዘን ኩነታት ናይዛ መዓልቲ ካብ ሓደ መራሒ ሃይማኖት አየ ዝብለ ጳጳስ ዘይእርኑብ ዘርባ ምስማዕ አዩ ነይሩ። አዋይ አዛ ቤተ ክርስቲያና ረኺባቶ ዘላ መዓት።

እቡነ ሉቃስ ኣብ ላዕሊ ከምዝረኣናዮ ከምቲ ዝሓስብዎ ኣብ ኮሎምበስ ኣይከደለሙን። እቶም መራሕቲ ሃገረ ሰብከት ናይ ኣቡነ ሉቃስ ኣብ ክሎምበስ ምፍሻሉ ክሕጎሱ ከምዘይክእሉ ርዱእ አዩ። እዞም ዘለዉ መራሕቲ ሃገረ ሰብከት ሰሜን ኣሜርካን ካናዳን ንናይ ኮሎምቡስ ቅድስቲ ማሪያም ጥራይ ዘይኮኑስ ንኻልኦት ቤተ ከርስቲያናት ኣብ ዕግርግር ካብ ምእታው ክሳብ ሕጂ ኣይተቖጠቡን። ብሽም ትእዛዝ ሲኖዶስ አንዳበሉ ግና ንህግደፍ ገንዘብ ቤተ ክርስቲያናት ክዝረፍ ጥጡሕ ባይታ ንምድላው ላዕልን ታሕትን ካብ ምባል ኣየዕረፉን። ናይዚ እከይ ሽርሒቀንዲ መራሕቲ ኮይኖም ዘለዉ ዘለዉ እዞም ዝስዕቡ እዮም ፥ ቀሺ ሚኪኤል (ኣትላንታ)፡ ኣቶ ተድሮስ ብርሃነ (ዲሲ)፡ኣቶ ኢሳያስ ዮውሃነስ (ካሊፎርኒያ) ። ብፍላይ ቀሺ ሚኪኤልን ኣቶ ተድሮስ ኣብ ኮሉምበስ ዝፈሸለ ምርጫ ክዕወት ኣቡነ ሉቃስ ድሕሪ ዓዲ ምምላሶም ብግልጸን ብሕቡኡን ይንቀሳቐሱ ከምዘለዉ አቶም ንውዲት ኣቡነ ሉቃስ ዘፍሸልሉ ምእመናን ሃበሬታ ስለዝነበሮም ኩነታት ብደቒቒ ካብ ምክትታል ኣየዕረፉን።

ቀሺ ሚኪኤልን ኣቶ ቴድሮስ ብርሃነን ሒነ ናይ ኣቡነ ሉቃስ ንምፍዳይ ብተእዛዝ ሲኖዶስ (ቅዱስ ዘይኮነ) መሰረት ኣብ ዝቕልጠፈ መዓልቲ ምርጫ ናይ ሰብኻ ጉባኤ ክትገብሩ ኣለኩም ዝብል ደብዳቤ ናብ ቅድስቲ ማሪያም ሰብኻ ጉባኤ ከምተሰደ ንኩሉ ምእመናን ቅድስቲ ማሪያም

ተሓብሩ እቲ ምርጫ ዝካየደሉ መዓልቲ ግና ኣይተሓበረን። ብመሰረት እዛ ደብዳቤ ቀሺ ርእሶም፣ ቀሺ ተኽለብርሃን፣ መብዛሕቶም እዞም ዘለዉ ሰብኻ ጉባኤ ከምእዉን ቤተ ጽሕፈት ህግደፍ ምስጥራዊ ብዝኾነ መገዲ ምድላዋት ብምግባር እቲ ምርጫ **ንየካቲት 5, 2017** ክግበር ይሰማምዑ። ይኹን'በር ብበዓል ቀሺ ርእሶም ዝካየድ ዝነበር ዘሎ ሕቡእ ምድላዋት ብውሽጦም ሕጉሳት ዘይኮነ ሕሊና ዘለዎም ደቂ ቤተ ከርስቲያን ነቲ ምስጢር ነቶም ንኣቡነ ሉቃስ ዝመከትዎን ምእመናን ይሕብሩ። እቶም ነዚ ዘይሕጋዊ ምርጫ ሰበኻ ጉባኤ ዝተቛዎሙ ግዜ ከይወሰዱ ብዕለት **የካቲት 3, 2017** ክሰም ብዕላዊ ኣብ **"IN THE COMMON PLEASE COURT, FRANKLIN COUNTY, OHO CIVIL DIVION"** ይምስርቱ። እቲ ቀንዲ ክሲ እዚ 15% ክፈሉ ዝብል ትእዛዝ ጠጠው ክብል ከም'ዉን ቀሺ ብሕጊ ናይ ኦሃዮ ናይ ኮርፖረሽን ብዘይ ምርጫ ኣቦ ወንበር ክኸዉን ኣይክእልን ዝብላ እየን እተን ቀንዲ መኽሰሲ ነጥብታቶም። ከምቲ ዝተበሃልዉን ብዕለት **የካቲት 5, 2017** እቶም ብጎዳስ ህግደፍ ኣብ ቤተ ከርስቲያን ተርእዮም ዘይፈልጡ ኣባልት፣ ደቂ ካልእ ሃይማኖት ከይተረፉ እዮም ናብቲ ቤተ ከርስቲያን መጺኦም። ንኣብነት ኣብቲ ቤተ ከርስቲያን ኣባል ዘይኮነ መዋእል ኣፈወርቂ ሓዉ ንኢሳያስ ኣፈወርቂ መጺኡ ከምዝነብረ ኣብኡ ዝነብሩ ሰባት ይሕብሩ እዩ። ኣብታ መዓልቲ ኣቦ መንበር እቲ ሰበኻ ጉባኤ ቤተ ከርስቲያን ከምተኸሰሰ ክሳብ ቤት ፍርዲ ብይን ዝህብ ዝኾነ ነገር ክንገብር እይንኽእልን ኢና ዝበል ሓበሬታ ይህብ። እዚ ዘሕዝን ሓበሬታ ምስ ስምዑ ብጎስጒስ ዝመጹ ሰባት ብሕፈረት ክሳዶም ኣድኒኖም እዮም ነናብ ገዝኦም ዝተመልሱ።

እዚ ናይ **የካቲት 5, 2017** ውዕሎ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ብሓጺሩ ተጠቒሱ ዘሎ ኮይኑ እቲ ነተ ጉዳይ ዝሓዘ ዳኛ ንኽልቲኦም ሸነኽ **ንየካቲ 14, 2017** ኣብ ቤት ፍርዲ ክቐርቡ ይእዝዝ። ይኹን'ንበር በወገን ቤተ ክርስቲያን ተኸሰስቲ ኣብ ቤት ፍርዲ ከይመጹ ይተርፉ። እቲ ዳኛ ንጽቢሒቱ ነቶም ተኸሰስቲ ቤተ ክርስቲያን ደብዳቤ ኣብ ኢዶም ብፖሊስ ከምዝወሃብ ይገብር። እቲ ተኸሳሲ ቤተ ከርስቲያን ንዝቐረበሉ ክሲ መካትዒ ነጥቤ (counter argument) ብጠብቓ ክሳብ **የካቲት 16, 2017** ኣይቕረቡን። እቲ ዳኛ ብሃንደበት ብዕለት **የካቲት 17, 2017** " ካብ ናተይ ስልጣን ወጽኢ ከምእዉን ምርመራ ዝድልዮ ጉዳይ እዩ" ብዝብለ ምኽንያት ነቲ ክሲ ናብ ናይ ኦሃዮ ስቴት ዓቃቢ-ሕጊ ( **Ohio State Attorney General**)ን ፍራንክሊን ካውንቲ ሕጊ ኣኽባሪ (**Franklin County Prosecutor**) ከምዝኸይድ ንኽልቲኦም ወገናት ሓቢርዎም እሎ። እዚ ጉዳይ ናብ ላዕላዋይ ኣካል ሕጊ ምሕላፉ ነቶም ከሰስቲ ብፍላይ ከምእዉን ንደላይቲ ፍትሒ ኸኣ ብሓፋሹ ዝሕጉስ ዜና እዩ። ነቶም ከስስቲ ከኣ ዮሃና ይብሎም ብወገነይ።

እቲ ዳኛ ኣብ ሰለስተ ሰሞን ዘይመልኤ ግዜ ከምእዉን ተኸሰስቲ (ናይኣባላት ሰበኻ ጉብኤ ኩሉምን እቲ ቤተ ክርስቲያን) መልሲ ከይሃቡ ከለዉ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ምውሳኑ ዘርኤካ ብናቱ ግምቲ ክብድ ዝብለ ጉዳይ ምኧኑ እዩ። እዚ ዉሳኔ ናይ ዳኛ ንላዕለወት ሕጋዊ ኣክላት ምኻዱ ሕማቕ ሳዕቤን ክህልዎ ናይ ግደን እዩ። ብዛዕባ እቲ ክሲ ዝምልከት ምርመራ እንተጀምሩ፣ ኣዞም ዝስዕቡ ኣካላት ክትንክፉ ናይ ግድን እዩ፤

(i) እቲ ቤተ ከርስቲያን ኩሉ መዛግብቱ ክምርመር እዩ (ii) ኩሉም ኣባላት ናይ ሰበኻ ጉባኤታት ዝነበሩ ክምርመሩ እዮም (iii) ኩሉ ካብ ቤተ ከርስቲያን ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ዝተውጸኤ ገንዙብ ብኸመይ መገዲ ናብ ኤርትራ ይኸይድ ከምዝነብረ ክምርመር እዩ (iv) ኣስራርሓ ናይ ናይ ንኡስ ሃገረ ሰብከት (ብቀሺ ገብረሚካኤል ዝምራሕ ዝነብረ)ን ሃገረ ሰብከት ሰሜን ኣሜሪካ (ብደጋፊ ህግደፍ ዝኾነ ቀሺ ሚካኤል ዝመራሕ ዘሎ) ከምእዉን ክሕተቱ እዮም (v) ቀሺ ርእሶም ብኻልእ ሽም ዘግዝኦ መንበሪኡ ገዛ፣ ብዛዕባ ቅድሚ ሕጂ ዘይሕጋዊ ዝገበሮ ተግባራት፡ካህን ከሎ ኣብ ፖለትካ ህግደፍ ኣባል ምኧኑ ሕጊ ናይ ኣይ,ኣር. ኤስ (IRS) ስለዝጠሓሰ ከምእዉን ኣብ ሽግር ክወድቕ አዩ ። ከም'ዉን ካልእ ዘይተሓሰበ ሳዕቤን ከምጽእ ይኽእል አዩ።

ኣዚ ኣብ ላዕሊ ብዛዕባ ናይ ቅድስቲ ማሪያም ንግዝኡ ኣብዚ ጠጠው ኣቢለ ሓፈሻዊ ኩነታት ኣብ ቤተ ከርስቲያናት ኣብ ኣሜሪካ ቁሩበይ ትንክፍ ከብል። ልኡኻት ህግደፍ ዝኾኑ ኣቡነ ሉቃስን ኣቶ ግርማይ ንዓዲ ምስተመልሱ ዝተረኣየ ምዕባሌት ንርኤ፤

1. ኣብቲ **ሕዳር 18-19, 2016** ዝተኻየድ ጉባኤ ሃገረ ስብከት ዝተሳተፉ ካብ ዓሰርተ ሰለስተ(13) ቤተ ከርስቲያናት ዝተዋጽኡ 17 ሰባት(**G17**) ብዛዕባ እቲ ጉባኤ ዘለዎም ርእቶን ለበዋን ደብዳቤ ተጻሒፉ ናብ ኣስመራ ልኢኾም ኣለዉ። ኣቡነ ሉቃስ ክውንነት ብምኽሓድ መፈራርሂ መልሲ ነቲ ዝተጻሓፈ ደብዳቤ ከምዝሃቡ ይሕበር።
2. ብቀሺ ሚኪኤል ዝምራሕ ሃገረ ሰብከት ኣብ ዉልቀ ሰባት፣ ኣብ ልዕሊ ዓሰርተ ሸውዓተ ሰባት(**G17**)፣ ከምእዉን ኣብ ልዕሊብሕገን መሰረት ምርጫ ዘካየዳ ቤተ ከርስቲያናት ሽም ምኽፋእን ምፍርራህን ተጸሚዶም ከምዘለዉ ብዙሕ ሰብ ተዓዚብዎም ኣሎ። ከም ቀንዲ ንቤተ ክርስቲያናት መፈራርሒ ዝጥቐሙል ዘለዉ ሜላ፣ ቤተ ከርስቲያን ከንውግዛ ኢና፣ ነቅሽሽቲ ክህንነቶም ከነትሕዘ ኢና ከምእዉን ታቦት ከንወስዶ እንዳበሎ ኢዮ። ንምኧኑ መን ኢዩ ንቤተ ከርስቲያናት ዝውግዘን? ሲኖዶስ ከኸዉን ኣይክእለን እዩ ምኽንያቱ አቶም ኩላቶም ኣባላት ሰኖዶስ ዝኾኑ

ጳጳሳት ንባዕላቶም ብሳልሳይ ናይ ኤርትራ ፓትሪያርክ ኣቡነ እንጠኒዮስ ኩላቶም ዉጉዛት ስለዝኾኑ። ውጉዝ ዶ ንኻልእ ክውግዝ ይኽእል አዩ?

3. እታ ካብ ኣሜርካ ዝዓበይት ኣብ ዳላስ ቴክሳስ ትረከብ ቤተ ከርስቲያን ብሰንኪ ደጋፊ ህግደፍ ዝኮነ ዲያቆን ሰለሞን ዝብሃል ምስ ካልኦት ህግደፋውያን ብምኺን ኣብ ሰላም ዝነበረት ዕግርግር ወሊዑላ ከምዘሎ ይሕበር። እዚ ዲያቖን ህግደፍ ንትምህርቲ ኢሉ ናብ ቻይና ምስ ተለኣኸ ንዓዲ ከይተመልሰ ንኣሜሪካ እዩ መጺኡ። ህግደፍ ባዕላቶም አዮም ሰዲዶሙ ዝበሉ'ዉን ብዙሓት ሰባት ጥርጣሬ አለዎም። እዚ ዲያቆን ምስ ሓወቡኡ ቀሺ ሙሴ ኮይኖም ንብዙሓት ምእመናን አንዳ ደወሉ የደናግሩ ከምዘሎ'ውን ሓበሬታ ኣሎ።

**ኣብ መውዳእታ ክብሎ ዝደሊ ኩላተን ቤተ ከርስቲይናት ናብ ጳጳስ ዘይብሉ ሃገረ ሰብከት ዝኾነ ዓይነት ገንዘብ ከይሰዳ ከምእዉን ነዞም ኣብ ኮሎምበስ ኦሃዮ ቅድስቲ ማሪያም ዘርከቡ ከሰስቲ ናይ ሞራልን ገንዘብዊ ሓገዝ ከንገብረሎም ጉቡእና ምኺኑ ክሕብር ይፈቱ።**

ካብ ግዱስ ወዲ ቤተ-ክርስቲያን